NEWS RELEASE

UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS
OFFICE OF THE HIGH COMMISSIONER

# ፍልይቲ ራፖርተር ሕቡራት ሃገራት  ኤርትራውያን ውሕሱ ህይወት ንምርካብ ዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕርታት ዓለምለኻዊ ዑቕባ ክውሃቦም ጽዊዓ!

(ጀኒቫ 25 ሕዳር 2013) ወይዘሪት ሺላ ቢ. ኪታሮት ፍልይቲ ራፖርተር ሕቡራት ሃገራት ንኩነታት  ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ  ኤርትራ  ነቲ ናይ ኣማኢት ኣሽሓት ኤርትራውያን ናብ ዘይፍሉጥን ሓደገኛን መጻኢ ክቓልዑ ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ  መሰላት ኣመልኪታ ዝለዋ ዓቢ ስክፍትኣ  ገሊጻ።

“መንግስቲ  ኤርትራ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሓላፍነቱ ከኽብር፣ ነቲ ኣብታ ሃገር ዝፍጸም ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብህጹጽ ደው ከብሎን ይጽውዕ” ክትብል ወይዘሪት ሺላ ድሕሪ ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ቱኒዝያን ማልታን ዝገበረቶ ወግዓዊ ምብጻሕ ዘካየደቶ ቃለ-መሕትት ጸዊዓ።

ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት  ምኽንያት ዋላ’ኳ እቲ መንግዲ ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ኩነታት ምኻኑ እንዳፈለጡ ወርሓዊ ካብ 2000 ክሳብ 3000 ሰባት  ዝኾኑ ሃገሮም ገዲፎም  ከምዘለጹ ይግለጽ። ኣብ 2012 ጥራይ ኣብ ትሕቲ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ዝተመዝገቡ 305, 723 ዝቑጽሮም ኤርትራውያን ከምዘለዉ ጽብጻብ ኣሎ።

ኣብቲ ናይ 10 መዓልቲ ተልእኮኣ ኤርትራውያን ሃገሮም ግዲፎም ክወጹ ዝገብሮም ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት ደረት-ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምኻኑ ክትርዳእ ክኢላ።  “እቲ መወዳእታኡ ዘይፍለጥ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ስርዓት፣ ኤርትራውያን ናይ ተስፋሙቅራጽ ጅሆታት ከምዝኾኑ ብምግባር ካብዚ ሓራ ንምኻንን ውሕስ ቦታ ንምርካብ ብኣእምሮካ ንምግማቱ ዘጸገም ሓደጋታት ንኽኦወስዱ ይግደዱ ኣለዉ” ክትብል እታ ባዓልቲ ሞያ ገሊጻ።

ትሕቲ ዕድመኤርትራውያ፣ ኣዋልድን ኣወዳትን  ቅድሚ 18 ዓመት ምምላኦ ሰብኣዊ መሰላቶም ብሕማቅ እንዳተጋህሰ ኣብቲ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምዝሳተፉ ከምዝግበር፣  ኣብ ወተሃደራዊ ታዕሊም ምስቓይ፣ ዘይሰብኣዊን ዘነኣእስን ኣተሓሕዛ፣ ምእሳር ኣብ ዘይሰብኣዊ ኩነታትን ዝኣመሰሉ መቕጻዕቲታት ናይ ማዓልታዊ ተርእዮ ምኻኑ ይገልጹ። ብተወሳኺ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ወተሃደራውያን ሓለፍቲ ዝመጽእ ክብረ-ንጽህናዊ ዓመጽ ዝተቓልዓ ምንባረን  ይገልጻ።
“እዚ ዓይነት ግህሰታት ብዘይገለ ገበናዊ መቕጻዕቲን ስክፍታ ኣብ ርእሲ ዝካየድ ምኻኑ፣ ግዳያት ገበነኛታት ናብ ሕጊ ከቕርቡሉ ዝኽእሉ ዝኾነ ይኹን ቅርጺ ስርዓት የለን” ክትብል እታ ራፖርተር ገሊጻ።

ገለ ካብቶም ነታ ራፖርተር ዘዛራረብዋ ስደተኛታት ዋላ’ኳ ሕማቅ   ቁጠባዊ ማሕበራዊ ኩነታት ኣብ ሃገሮም ከምዘሎ  እንተገለጹ፣ ማዓልታዊ  ቃልሲ ምምእራር መግብን ማይን፣ ይኹን ሕጽረት ጥዕናዊ ክንክን ኤለትሪክን ሃገሮም ገዲፎም ንኽወጹ ቀንዲ ድርኺት ከምዘይኮነ ይገልጹ።

Office of the High Commissioner for Human Rights
Palais des Nations
CH-1211 Geneva 10
Switzerland

www.ohchr.org
Email: press-info@ohchr.org
Tel: +41 22 917 9310
Tel: +41 22 917 9383

“ምሉእ ብምሉእ ናጽነትን ውሕስነት ሓደ ሰብን፣ መሰረታዊያን ሰብኣዊ መሰኣላት ኤርትራዊያን ብዘይምሕላዉን ምግሃሱን እዩ ቤተሰባት ኤርትራ ውሕስና ንረክብ ንኸውን ዝብል ተስፋ ሃገረን ራሕሪሐን ብብዝሒ ስደት ዘምርሓ ዘለዋ” ክትብል ወይዘሪት ሺላ ትግልጽ።

ብዙሓት ካብቶም ኣብ ዑደት ዝረኸበቶም ካብ ሓደጋ ምድረብዳን ባህሪ ዝዳሓኑ እዮም። ሓደ ካብቶም ቃለ-መሕትት ዘካየዱ ንወታሃደራዊ ታዕሊም ኣመልኪቱ “ኣብ ሳዋን ዘሕለፍናዮ ሕማቕ ተሞክሮ ምድረ-ብዳን ባሕሪን ንምስጋር ዝኾነ ዓይነት ሓደጋ ክንገጥሞ ከም እንኽእል ጌሩና ኢዩ። ኣብ ወታሃደራዊ ታዕሊም ይኹን ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘሎ ጨካን ኣተሓሕዛን ደረት-ኣልቦ ምኻኑ፣ ተዓጻጻፍነት ዘይምህላዉ ኮታስ ዘይሰብኣዊ ምኻኑ ኣይሰማምዓሉን ኢየ” ክብል ገሊጽዎ።

ወይዘሪት ሺላ ነቶም ህይወቶም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ብምውዳቕ ውሕሲና ንምርካብ ኣዝዩ ሓደገኛ ጉዕዞ ብምውሳድ ሃገሮም ገዲፎም ዝወጹ ዘለዉ ስደተኛታት ግቡእ ኣተሓሕዛ ክግበረሎም ጸዊዓ።ኣብ ርእሲ’ዚ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ኤርትራዊያን ካብ ሃገር ምውጻእ እንኮ ፍታሕ ምኻኑ ንኸውስኑ ዝገብር ዘሎ ቐንዲ ጥንቂ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ንምርዳእን ናይቶም ግዳያት ድምጺ ክሰምዕ ጻዊዒት ኣቅሪባ።

ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ኤርትራን ካልእ ሳልሶት ሃገርትን ኤርትራዊያን ሓደጋ ማእሰርቲ፣ ስቓይ፣ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ናብ ደረት ኣልቦ ግዱድ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ግዳያት ዝኾኑሉ ሃገሮም ናይ ምምላስ ክልታኣዊ ስምምዓት ደው ክብል ጸዊዓ።

ኣብ 2012 ካብ እትምዘዝ ኣትሒዛ እታ ፍልይቲ ራፖርተር ናብ ኤርትራ ንምብጻሕ ብዙሕ ግዜ እኻ እንተሓተተት ክሳብ ሕጂ ፍቓድ ክትረክብ ከምዘይካኣለት ገሊጻ። ከም ሳዕቤኑ፣ እታ ብዓልቲ ሞያ ቀዳማይ-ኢድ ሓበሬታ ካብ እቶም ሃገሮም ገዲፎም ዝወጹ ስደተኛታት ንምእካብ ወሲና። ሕጂ’ውን እንተኾነ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንምግምጋም ናብታ ሃገር ናይ ምብጻሕ ፍቓድ ክውሃባ ድጊማ ጻዊዒት ኣቕሪባ።

እታ ባዓልቲ ሞያ ናይ’ዚ ምስ ኤርትራዊያን ዘካይደቶ ርክባት ውጽኢት ኣብ ሰነ 2014 ናብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ዝቕርብ ካልኣይ ጸብጻብ ምሉእ ትሕዝቶ ክቐርብ ምኻኑ ገሊጻ።

(*) Read the full end-of-mission statement: (((ADD LINK TO LONG STATEMENT)))

ENDS

*ወይዘሪት ሺላ ቢ. ከታሩት ከም ፍሉይቲ ራፖርትዋ ናይ ኤርትራ ኮይና ክተገልግል ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ መበል 21 ርክቡ መዚዝዋ። ወይዘሪት ሺላ ከም ናይ መጀመርታ ፍሉይቲ ራፖርትዋ ናይ ኤርትራ ካብ 1 ሕዳር 2012 ኣትሒዛ ሓላፍነታ ተቐቢላ። ከም ፍልይቲ ራፖርተር መጠን ካብ ዝኾነ መንግስታዊን ወይ ማሕበር ጽልዋ ናጻ ኮይና ብብሕኣታ እተገልግል ባዓልቲ ሞያ። ወይዘሪት ሺላ ሞርሽሳዊት ጠበቓ ኮይና ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ መጽናዐታዊ ስርሓት፡ ተሓላቕነት፡ ጥብቅና፡ ተጣበቒቲ ኣብ ምስልጠን ኣገልጊላ። ተወሳኺ ሓብሬታ ንምርካብ ኣብዚ ጠውቕ* *http://www.ohchr.org/EN/HRBodies/SP/CountriesMandates/ER/Pages/SREritrea.aspx*

በታ ፍሉይቲ ራፖርትዋ ናብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ዝቐረበ ጽብጻብ ተመልከት፣
*http://www.ohchr.org/Documents/HRBodies/HRCouncil/RegularSession/Session23/A.HRC.23.53_ENG.pdf*
*or http://www.ohchr.org/EN/HRBodies/HRC/RegularSessions/Session23/Pages/ListReports.aspx*

*ሕቡራት ሃገራት ሰብኣዊ መሰላት፣ ናይ ሃገር ገጽ፣ ኤርትራ፣* *http://www.ohchr.org/EN/Countries/AfricaRegion/Pages/ERIndex.aspx*

*ንተውሳኺ ዜናዊ ሓበሬታን ብኽብረትካ/ኺ ቢርዝ ኣንከንብራን ተራከብ (+41 22 928 9465 / bankenbrand@ohchr.org) ወይ ናብዚ ኣድራሻ ጽሓፍ sr-eritrea@ohchr.org*

For **media inquiries** related to other UN independent experts:
Xabier Celaya, UN Human Rights — Media Unit (+ 41 22 917 9383 / xcelaya@ohchr.org)

**UN Human Rights, follow us on social media:**
**Facebook:** https://www.facebook.com/unitednationshumanrights
**Twitter:** http://twitter.com/UNrightswire
**Google+** gplus.to/unitednationshumanrights
**YouTube:** http://www.youtube.com/UNOHCHR
**Storify:** http://storify.com/UNrightswire

**Watch "20 years of human rights - the road ahead":** http://youtu.be/yW7s-Q8S14E